# ሓደራ ቃልኪዳን

ወለዶ ከይነብር ዘልዓለም ደንቆሩ
ናይ ልምዓት መኣዲ ተነፊጉ ወትሩ
ሃሲሱ ከይጠፍእ ታሪኽ መዘከሩ
ክምለስ ናይ ጥንቱ ናይ መንነት ክብሩ
መሰል ናፅነቱ ኣብ ኢዱ ዓቲሩ
ብሰላም ክነብር ብሓንሳብ ሓቢሩ
ናይ ክብሪ ሞት    ሞይቶም ንሓዋሩ።

ፍትሓት ከይተገብረ ጸሎት ከምንቡሩ
ስድራ ጎራብቲ ኩሉ ሰብ ሓቢሩ
ርእዩ ከይቐበጽ ብዓይኑ ቀቢሩ
ምእንቲ ንህዝቦም ንፍቕሪ ንኽብሩ
ፎቆዶ ጎቦታት    ቀርዮም ምስወፈሩ።

ኣበሳ ዘይብሉ ሕሰም ተፈሪዱ
ብገዛእቲ ኃይሊ ተንኮል ተፃዊዱ
ምህርቲ ከይስስን ንኽጎድል ዓውዱ
ካብ ዝፈትዋ ዓዱ ክኸድ ተሰዲዱ
ብመንነት ክብሩ    ክንእስ ወሪዱ።

ቀትሪ ብብርሃኑ ወገን ፀልሚትዎ
ንነዊሕ ዓመታት    ፍትሒ ሓሪምዎ።

ኣብ ልዕሊ ዝባኑ ጥይት እንትንስነስ
ከክንዲ ዝዕንገል ብሸዊት ብበለስ
ጥሪት ውርሲ ርስቱ ብባርዕ ክበርስ
ጥምረት ሓድነቱ    ክብተን ክሕመስ።

እታ ሰገን ቆልዓ ዘይትፈልጥ ምስኪን
ከክንዲ ሕንባሻ ምሻሓሪ ዕፉን
እቲ ቆልዓ ምስኪን ዘይፈልጥ ሕንጠይ
ዘሊሉ ከይጸግበ ምስ ማሕሲእ ምስ ቢተይ
መዓት እንትወርዶም    ብምድሪ ብሰማይ።

ክንደይ ኢልካ ክዝርዘር ዘሕለፎ መከራ
ብህይወቱ ስቓይ    ከርፋሕ ሕሰም ናብራ።

እዚ ምስረኣዩ እቶም ሓርበኛታት
ክንዲ ቤዛ ህዝቦም ክኸፍሉ መስዋእት
ኣነ ንርከብ ስቓይ ንበል እውን ክርተት
ነዙይ ውፁእ ህዝበይ ከውጽእ ካብ ፀልማት

ዋላ ኣካላተይ ኣብ መቑሎ ይሰኸተት
ኢሎም ተበጊሶም ብወነ ብትረት
ብረቶም ኣልዒሎም ብቆራጽ ጅግንነት
ዓጽሞም ተዘሪኡ ፎቐዶ ኩርባታት።

ንሶም ተቓጺሎም ብርሃን ክውልዑ
ናይ ናፅነት ጮራ ሽጋት ክኹልዑ
ብኽብሪ ዓጢቖም ኣብ ግንባር ኣሸዑ
እቲ እንሪኦ ቆጽልታት ጠጢዑ
ደም ኣሕዋትና ኢዩ ዘልምዖ ደኸዑ።

ህዝባዊ ቃል ኪዳን ኣጽኒዖም ካብ ልቢ
ስግኣትና ክጠፍእ ዓድና ክዓቢ
ህይወት ተወኪፎም ንፍቕሮም ንህዝቢ።

ትንፋስ ዝተረፎም ኣካሎም ጎዲሉ
ኣዒንቶም ጠፊኦም ምእንታና ክብሉ
ሳላ ንሶም ኢዩ ተረኺቡ ኩሉ።

እቲ ሕማቅ ዘመን ጸልማት ተቖንጢጡ
ናብ ሰላም ናብ ልምዓት እዋን ተለዊጡ።

ይጠለም ዝጠልመ ይከዳዕ ዝኸድዐ
ኣብ ናይ ክሕደት ማእሲ ከይዱ ዘንጣለዐ።

ንብዙሕ ዓመታት ሓቢሮም ተጉዓዚም
ኣብ ኮርቻ ሥልጣን ዱልዱል ናብራ ሒዞም
ጥቅሚ ምስጎደለት ክሕደት ተመርኺዞም።

እንትርፊ ውድቐትና ካሊእ ዘይምነዩ
ንዓና ክጥፍኡ ነዊሕ ዝበለዩ
ፀሓይ ከይዓረበት ዓይኖም ከይሓሰዩ
ተሓዊሶም ኣትዮም ከይዶም 'ናጎየዩ።

ፈንጂ እናረገጹ ሞይቶም ቤዛ ህዝቢ
ዓለም ዘደነቐ ዝሰሓበ ቐልቢ
ደም'ቶም ሓርበኛታት ገይሮም ደመ ክልቢ።

ህዝብና ክሓርዱ ካራ ምስዝመዙ
ብትምክሕቲ ጽልኢ ከርና ዝደንዘዙ
ኣብ ደንበኦም ኣትዮም ቅያ ክጥምዝዙ
መስተንክር ጅግንነት ታሪኽ ክስርዙ
እንተወዓሉውን መፅሓፍ ክጥርዙ
ተባዕ ህዝቢ ኣሎ ዘይሰድድ ሒዙ

ንጠላም ንኽዳእ  ወትሩ ቓንዛ ሕንዙ።

ሕድሪ ተረኪብና ብደም ተፃሒፉ
ካብቶም ተሰውኡ ቃሎም ከይዓጸፉ
ቃሎም ከነኽብር ከንደፍእ ናብ ጫፉ
ክንውድእ ክንፍፅም ዘሎ ተወዚፉ
ሓደራ ቃልኪዳን  ናይቶም ዝሓለፉ።
ሓደራ ቃልኪዳን  ናይቶም ዝሓለፉ።

**ብሺሻይ ሓደራ ካብ ቦስተን**